1-3 ዓመታት

# ውሉድኩም ብኸመይ ካብ ኣብ ገዛ፣ ኣብ ጽርግያን ኣብ ናይ ጸወታ ግዜን ካብ ሓደጋ ከምእትሕልዉ

CHILDSAFETYLINK Here for you.



## ኣውራ ናይ ድሕነት ስክፍታታት ብዛዕባ ካብ 1-3 ዓመት ንዘለዉ ህጻናትኩም፣

- ካብ ዓራት፣ መሳልልን መስኮትን ምውዳቕ።
- ገለ ነገር ውሒጦም ክሕነቑ።
- ከም መድሃኒትን ናይ ጽሬት ቀማማትን ዝኣመሰሉ መረዝቲ ትሕዝቶታት ምውሓጥ።
- ብውዑይ ማይን ካልእ ውዑይ ፈሳስን ምንዳድ።
- ኣብ ግዜ ሓደጋ መኪና ምጉዳእ።
- ምጥሓል።

## ድሕነት ኣብ ገዛ

- ህጻናት ካብታ ዕጽውቲ መደቀሲኦም ክወጹ ኣብ ዝፍትንሉ ናብ ዓራት ወይውን ናብ ኣብ መሬት ዘሎ ምንጻፍ ምግዓዝ።
- ከበድቲ ንብረት ናይ ገዛ ምስ መንደቕ ክላገቡ ይግባእ። ንብረት ገዛ ካብ መስኮት ምርሓቕ። ናይ መጋረጃ ገመድ ኣሲርካ ናብ ላዕሊ ምድያብ።
- 3.ኣብ መወዳእታ ናይቲ መሳልል ኣብ መንደቕ ዝእሰር ናይ ህጻናት ማዕጾ ግበሩ፣ ኣብ ታሕቲ እቲ መሳልል ግና ዝጣበቕ ማዕጾ እኹል እዩ።
- ህጻን ኣብ ባኞ መሕጸቢ ሰውነት ኣብ ዝህልወሉ ግዜ የዒንትኻ ካብኡ ኣይትፍለ።
- ኩሉ መድሃኒታት፣ ቪታሚናትን ናይ ጽሬት ቀመማትን ኣብ ልዕል ዝበለ ቦታ ወይ ኣርማድዮ ምቕማጥ። ኣብ
- ኣብ ከባቢኹም ዘሎ ናይ መርዚ ቁጽጽር ማእከል ቁጽሪ ተሌፎን ክንሕዝ ይግባእ:ኣብ ከባቢኹም ዘሎ ናይ መርዚ ቁጽጽር ማእከል ቁጽሪ ተሌፎን ክንሕዝ ይግባእ:
በዚ ደውሉ 1-844-POISONX (1-844-764-7669)



1-3 ዓመታት

# ውሉድኩም ብኸመይ ካብ ኣብ ገዛ፣ ኣብ ጽርግያን ኣብ ናይ ጸወታ ግዜን ካብ ሓደጋ ከምእትሕልዉ




## ድሕነት ኣብ ጽርግያ

- ኲሉሳዕ ኣብ ብተሸከርከርቲ፣ ሚንባስ ኮነ ናይ ጽዕነት መኪና ኣብ ንጓዓዘሉ ኣብ ድሕሪት ወንበር ምጥቃም።
- እንድሕር ድኣ ህጻናት ብዝግባእ ኣብቲ ወንበር ብዝግባእ ዝኣኽሎም እንተኾይኑ ናብ ላዕሊ ዝጥምት ናይ ህጻናት ወንበር ምጥቃም።
- ኲሉ መቐነታትን ቁልፍን ብዝግባእ ይተዓጠቕ።
- ወንበር ብዝግባእ ይገጠም። ኣብቲ ወንበር ምስ መኪና ዝገጥመሉ ክፍሊ ኣትሪርካ ይጠመር፣ ካብ 1 ኢንች (2.5 ሰንቲ ሜተር) ንላዕሊ ክንቀሳቐስ የብሉን።
- ነቲ ንቕድሚት ዝጥምት ናይ ህጻናት ናይ መኪና ወንበር ኣብ ንጥቐመሉ እታ ላዕለይቲ መትሓዚት ንጠቐም።
- ኣብ ግዜ ጻዕቂ ትራፊክን ኣብ መዐሸጊ መካይንን ንህጻን ኣእዳው ምሓዝ ወይውን ሙሕቃፍ።

## ድሕነት ኣብ ግዜ ጸወታ



- ኣብ መጻወቲ ባንቡላታት ዘሎ ገደብ ናይ ዕድመ ተኸተሉ፣ ኣንድሕር ኣብ ናይ ሽንቲ ቤት ሶፍት ትኣቱ ኮይና ንቆልዓኻ ክንእሶም ይኽእል እዩ።
- ባትሪ ኣብ ዘድልዮም መጻወቲ ናይ ቆልዑን ንብረትን እቲ ናይ ባትሪ መዕጸዊ ብዝግባእ ምግጣም።
- ንደቅኻ ኣብ ስፖርትን ካልኦት ንጥፈታትን ዝጥቀምሉ ቖብዕ (በጃ ርእሲ) ምምራጽ።
- ኣብ ከባቢ ማይ (ባኞ ሰውነት፣ መሐንበሲ ጋብላ) ኣብ ዝኾነሉ በእዳውና ከነርክቦም ኣብ ንኽእል ቦታ ንኹን። ኣብ ደገ ኣብ ዘሎ ከባቢ ወይ ውሽጢ ማይ ኣብ ዝኾኑሉ ህጻናትና ናይ ህይወት ጃኬት ክለብሱ ይግባእ።
- 5.ምስ ህጻንኩም ብሓንሳብ ናይ ሓባር ናይ ጸወታ ግዜ ብምሕላፍ እቲ ህጻን ክዓብን ክምሃርን ግበሩ።